

# ምንጻል ጥንሲ ክሊኒክ Stimezo Zwolle ጥንሲ ኣብ ምንጻል ይሕግዝ

STICHTING
STIMEZO
ZWOLLE

**Zorgt voor vrouwen**



# Stimezo Zwolle:
# ዘይተደልየ ጥንሲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን ውፉይን ሞያውን ሓገዝ ይህብ

### ምንጻል ጥንሲ ክሊኒክ Stimezo Zwolle ጥንሰታት ኣብ ምንጻል ይሕግዝ

ዘይተደልየ ጥንሲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፣ ደቀንስትዮ ናይ ናይ ምምራጽ ናጽነት ክወሃበን ኣገዳሲ ምዃኑ ንኣምን። ኣብ Zwolle ዝርከብ Stimezo ናይ ምንጻል ጥንሲ ክሊኒክ ውሑስ ኣከባብን ጥንሲ ናይ ምንጻል ሓገዝን ይህብ። ካብ ምውሳን ጀሚሩ ክሳብ ምንጻል ጥንሲ ክሳብ ድሕረ ክንክን።

### ዘይተደልየ ጥንሲ?

ኣብ ክሊንክና ድሕሪ እታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ናይ መወዳእታ ጽግያት ዘጋጠመሉ ንኣስታት 13 ሰሙናት ሕክምናዊ ፍወሳ ምርካብ ይከኣል እዩ። ኣብ ነዘርላንድ ካብታ ጥንሲ ዘጋጠመላ እዋን ክሳብ 24 ሰሙናት ምንጻል ጥንሲ ይከኣል እዩ። ካብ 13 ሰሙናት ዝሓለፈ ጥንሲ እንተለኪ፣ ናብ ክሊኒክ ካልኣይ ወቕቲ ክትውከሲ ክንሰደኪ ኢና።

### ምስጢራዊ (ሰቱር)

ኩሎም ኣብ ክሊኒክና ዝግበሩ ኣገባብ ሕክምና ምስጢራውነቶም ኣብ መንጎ ሓኪምን ተሓክምን ዝተርፍ እዩ። እዚ ማለት ብዛዕባ ኣብ ክሊኒክና ትገብርዮ ጸንሒት ዝምልከት ዝኾነ ሓበሬታ ብዘይ ናትኪ ወግዓዊ ፍቓድ ናብ ዝኾነ ኣካል ኣይነካፍሎን ኢና።

### መሰልኪ ከይተተንከፈ (ንመሰልኪ ብዘይጎድእ)

ንሓደ ጥንሲ ብዙሓት ረቛሒታት ዘየድሊ ጥንሲ ክገብርዎ ይኽእሉ። ምሳኺ ኣብ ዘየሻሩ ዝርርብ ንኣቱ ከምኡ ድማ ኩሉ ግዜ ንድሌታትኪ ቀዳምነት ንህቦ። ኣብ ክሊኒክና፣ ንኣብ ኩሉ ደረጃ ዕድመ ዝርከባ ደቀንስትዮ ሓገዝ ንገብር። Stimezo Zwolle ብዝተኻእለ መጠን ብቑልጡፍ ክንክን ክትረኽቢ ኣገዳሲ ምዃኑ ይኣምን፣ ሰልዚ እዩ ድማ ናባኒ እንተመጺኺ ሪጋ ምጽባይ ዝባኽን ግዜ ዘየለ። ከም ልምዲ፣ ናይ ኣልትራሳውንድ መርመራ ንኽትገብርን ምኽሪ ንኽትረኽብን ኣብ ተመሳሳሊ ሓንቲ መዓልቲ ክትበጽሕና ትኽእሊ ኢኺ።

ብዘይ ፍርዲ ወይ ዘየሻሩ | ሞያዊ | ሰም ዘይጠቅስ

# ዘይተደልየ ጥንሲ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እንታይ ክግበር ኣለዎ?

ካብታ ጥንሲ ዘጋጠመላ ዕለት ክሳብ መወዳእታ ናይ መበል 13 ሰሙን ኣብ ክሊኒክና ጥንሲ ምንጻል ይከኣል እዩ። ካብዚ ወቕቲ'ዚ እንተዛይዱ ግን፣ ናብ ካልእ ክሊኒክ ክትውከሲ ክንሰደኪ ኢና።
ጥንስኺ ክትንጽሊ ከም ትደሊ ንበይንኺ ምስ ሓኪምኪ ኮይንኪ ክትዘራረቢ ይግባእ። ቅድሚ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ፣ ናይ ጥንስኺ ዕድመ ብልክዕ ንምውሳን ናይ ኣልትራሳውንድ ምርመራ ክግበር እዩ።
ንኹሉ ጽቡቕ ጌሩ ኣብ ግምት ዘእተወ ውሳነ ንምብጻሕ፣ ከምቲ ዝተባህለ ናይ ምውሳን ምኽሪ ይሰዕብ። ኣብ እዋን ምውሃብ እዚ ምኽሪ፣ ዕላማ ናይቲ ምንጻል ጥንሲ ይዝተየሉ፣ ምስቲ ተሓጋጋዚ ሓኪም ከምኡ'ውን/ወይ ሓኪም ዝተዘተየሉ ሕክምናዊ መረዳእታ ከምኡ'ውን እቲ ተሓጋጋዚ ሓኪም ኣገባብ ሕክምና ከምኡ ውን ኣብታ መዓልቲ እቲኣ እንታይ ክትጽበዪ ከም ዘለኪ ክገልጸልኪ እዩ። እቶም ምኽርታት ብሓገዝ ቋንቋ ኣዴኺ ዝዛረብ ዝመሓለ ተርጓሚ ክካየዱ እዮም።

### ኣገባብ ፍወሳ

እቲ ምንጻል ጥንሲ መደንዘዚ ተጌሩልኪ ብመጥባሕቲ መጢጥካ ምእላይ ኣገባብ ክካየድ እዩ (ብተወሳኺ ምእላይ ወይ ምምጣጥ ጥሕልንቲ ይበሃል)።

### መጢጥካ ምእላይ ምስ መደንዘዚ

እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ምስ ናይ ሓጺር እዋን መደንዘዚ እንተተጌርሉኪ፣ ብሓገዝ ናይ IV ድቃስ ክወስደኪ ክትድረኺ ኢኺ። ሽዑ ካብ 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ ሓጺርን ከቢድን ድቃስ ክወስደኪ እዩ።
ድሕሪ እቲ ክንክን ፍወሳ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ናይ ከብድኺ ፍኹስ ዝበለ ምሽምቃቕ ጭዋዳ ክስመዓኪ ይኽእል እዩ። እታ ተሓጋጋዚት ሓኪም ኣብቲ መሕወዪ ክፍሊ ብዙሕ መርመራታት ክትገብር እያ፣ ድሕሪኡ ብዛዕባ ገዛኺ ምስተመለስኪ ኣየናይ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ክትወሰዲ ከም ዘለኪ ምኽሪ ክትህበኪ እያ።
ኣብታ ናይ ፍወሳ መዓልቲ፣ እቲ ኪኢላ ናይ መድንዘዚ ሓኪም ብቋንቋ ኣዴኺ ጌሩ ዝተወሰኑ ሕቶታት ክሓተኪ እዩ። ኩሎም እቶም ወግዓውያን ሰነዳት፣ ንኣብነት፣ እቲ ናይ ሕክምናዊ ፍወሳ ሰምምዕ፣ ምስክር ወረቐት ናይ ባዶ ጨጎራ (ከብዲ) ከምኡ ውን ኣብ ገዛ ዝጠቅም ሓበሬታ ብቋንቋ ኣዴኺ ተተርጊሞም ክወሃቡኺ እዮም።

### ብኪኢላ ናይ መንዘዚ ሓኪም ዝእዘዙ መድሃኒታት

ነቶም ብናይ ሓጺር እዋን መደንዘዚ ዝካየዱ ሕክምናዊ ፍወሳ፣ ናይ ግድን ጨጎራኺ ወላ ሓንቲ ዘይብሉ ጌርኪ (ከብድኺ ባዶ ኮይኑ) ኣብ ቆጸራኺ ክትርከቢ ኣለኪ። እዚ ማለት ጨጎራኺ ናይ ግድን ባዶ ክኸውን ኣለዎ ከምኡ ውን

- መግቢ ምብላዕ፣ ክሳብ ቅድሚ 6 ሰዓታት ቆጸራኺ ቅድሚ ምእኻሉ ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ (ብውሕዱ 6 ሰዓታት ዝኸውን መግቢ ከይበላዕኪ ጸኒሕኪ ባዶ ከብድኺ ናብ ቆጸራኺ ክትከዲ ኣለኪ)፣ ድሕሪ ግን ብፍጹም ዝተኸልከለ እዩ።
- ምስታይ፣ ክሳብ ቅድሚ 2 ሰዓታት ናይ ቆጸራኺ ሰዓት ቅድሚ ምእኻሉ ኣብ ዘሎ ግዜ ሻሂ፣ ማይ ወይ ጽሟቕ ኣራንሺ ጥርይ ክትሰትዪ ትኽእሊ ኢኺ (ብውሑዱ 2 ሰዓታት ከይሰተኺ ጸኒሕኺ ናብ ቆጸራኺ ክትከዲ ኣለኪ)። ድሕሪኡ ግን ዝኾነ ነገር ክትሰትዪ ኣይትኽእልን ኢኺ።
- መድሃኒት፤ ክሳብ 1 ሰዓት ቅድሚ ቆጸራኺ ኣብ ዘሎ ግዜ መድሃኒትኪ ብማይ ጌርኪ ክትወስድዮ ትኽእሊ ኢኺ። ክሕደግ ዘለዎ ነገር እዚ ማለት ደም መቃጥንቲ ከምኡ ውን መድሃኒት ናይ ሕጽረት

ኢንሱሊን ዘለዎ ሕማም ሽኮር። እዞም መድሃኒታት እዚኦም ትወስዲ እንተሃሊኺ፣ ነዚ መደባት ንምሰራዕ ምስቲ ክሊኒክ ተራኸቢ።

- ጩጎራኺ (ከብድኺ) ባዶ ጥርሑ እንተዘይኮይኑ፣ መደንዘዚ ወይ ተወሳኺ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ክትወስዲ ኣይትኽእልን ኢኺ

## ቅድመ-ፍወሳ (መጀመሪ)

ናይ ግድን ኣብ ትሕቲ መልሓሰኪ ትገብርዮ 2 ከኒና ቅድሚ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ክትወሰዲ ኢኺ። እዞም ከኒናታት እንተወሓደ 1 ሰዓት ናይ ሰራሕ ግዜ ኣለዎም ከምኡ ድማ ማህጸን ዝይዳ ክርከብ ከም ዝከኣል ይገብርዎ። እዚ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ብቐሊሉ ክግበር ከም ዝከኣል ይገብሮ ከምኡ ውን ናይ ምትሕልላኽ ሓደጋ ከም ዝቕንስ ይገብርዎ።

## ቅድመ-ፍወሳ (መጀመሪ)

- ፓስፖርት ወይ ካልእ ሕጋዊ መለለዪ መንነት ሰነድ
- ገንዘብ ወይ ናይ ባንክ ካርድ (Maestro) IUD ካባና ክትገዝኢ እንተደሊኺ
- ናይ ድምኪ ጉጅለ ካርድ፣ ናይ ደምኪ ጉጅለ ዝርዝር ሓበሬታ ዝሓዘ እንተለኪ
- ፍርያት መድሃኒት ትጥቀሚ ዲኺ? ኣብታ ናይ ፍወሳኺ መዕልቲ ተማሊእክዮም ምጺ ከምኡ ድማ ካብ ፋርማሲኺ ናይ መድሃኒት ሓፈሻዊ መግለጺ ሕተቲ።
- ነውሕ ካናቴራ ወይ ቀምሽ ለይቲ፣ ኳሌታ ዘይብሉ ጃኬት ወይ ጉልፎን ምቹኣት ስረ
- ተወሳኺ ጽሩያት ጽምዲ ክዳን ውሽጢ (ብታንቲ)



(ቀጢን ምቐመጫ ምሉእ ዘይሸፍን ክኸውን የብሉን)፣ ዝተወሰኑ መጸራረዪ ሽጎማኖታት (ሞዴስ ክኸውን የብሉን) ከምኡ ድማ ጽቡቓት ጽምዲ ዘማሙቓ ካልሲ..

- ቅድሚ ቆጸራኺ ምእኻሉ ኣብ ገዛኺ ነብስኺ ተሓጸቢ።

## ድሕሪ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳኺ ናብ ገዛኺ በይንኺ ኣይትኺዲ

ሓንሳብ ሕክምናዊ ፍወሳኺ ምስ ወዳእኪ፣ በይንኺ ንገዛኺ ክትከዲ ኣይፍቀደልክን እዩ። ናይ ሓጺር እዋን መድንዘዚ ምስ ተገብረልኪ፣ ክትጎዓዚ የብልክን ወይ ድሕሪ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ን24 ሰዓታት መኪና ክትዘውሪ ኣብ ብሸግለታ ክትሰቀሊ የብልክን። ካብታ ቆጸራኺ ዝኣኸለትላ ግዜ ኣሕሪ 3.5-4 ሰዓታት ምስ መጸምድኺ ወይ ሓጋዚኺ ናብ ገዛኺ ክትከዲ ትኽእሊ ኢኺ።

## ድሕሪ ሕክምናዊ ፍወሳ

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ኣብቲ ክሊኒክ ጸንሒትኪ፣ ብዛዕባ ድሕሪ ሕክምናዊ ፍወሳ ዝምልከት ብቋንቋ ኣዴኺ ዝተተርጎመ መምርሒ ብመልክዕ ጽሑፍ ካባና ክትወሰዲ ኢኺ። ረኽሲ ንምክልኻል ጸረ-ነፍሳት ክንህበኪ ኢና። ብተወሳኺ መሕተቲ ወረቐትን ብዛዕባ ሕክምናዊ ፍወሳኺ ሓበሬታ ዝሓዘ ንሓፈሻዊ ሓኪምኪ እትህብዮ ደብዳበን ክንህበኪ ኢና።

## ኣብ ሆላንድ ጥንሲ ምንጻል ክንደይ ዝኣክል ወጻኢታት ይሓትት?

እዚ ሕክምናዊ ኣገባብ እዚ ንነበርቲ ሆላንድ ብነጻ እዩ ዝወሃብ። እቲ ወጻኢታት ብሚኒስትሪ ጥዕና እዩ ዝሸፈን። ኣብ ሆላንድ ዘይትነብሪ እንተኾንኪ፣ ቆጸራ ክትሕዚ ከለኺ ወጻኢታቱ ክንነግረኪ ኢና።

## ድሕሪ ጥንሲ ምንጻል

ኣብ ክሊኒክና ጥንሲ ምንጻል ሕክምናዊ ውሑስ ኣገባብ እዩ ከምኡ ድማ ናይ ምትሕልላኽ ሓደጋ ኣዝዩ ንእሽቶይ እዩ። ድሕሪ ጣልቃ ምትእትታው ኣብተን

ቀዳሞት እዋናት ኣብ ኣእምሮኺ ክትሕዝዮም ዝግበኣኪ ውሑዳት ነገራት ኣለዉ። ብኡ ንብኡ ድሕሪ ጥንሲ ምንጻል ናይ ምትሕልላኽ ሓደጋ ዝዓበየ እዩ። ንዉሕዳት መዓልታት ከምኡ ሰለ ዘጋጥም ኣቕሊልኪ ክትሪአዮን እኹል ዕረፍቲ ክትረኽብን ንመኽረኪ። እቲ ሃንደበታዊ ናይ ሆርሞን ምልውዋጥ ድኻም ከም ዝሰመዓክን ሚዛንኪ ዘይትቆጻጸርን ክገብረኪ ይኽእል። ድሕሪ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ሙቐት ኣካላት ቀሰ ብቐሰ ይውሰኽ። ብተወሳኺ ብዘይምምራር፣ ሙቐት ትሕቲ 38.5°C ዘተሓሳሳብ እዩ።

## ድሕሪ ብመጥባሕቲ ጥንሲ ምንጻል እንታይ ክትጽበዩ ትኽእሊ?

- ድሕሪ ጥንሲ ምንጻል ደም ምፍሳስ ብዓቢኡ ካብ 10 ክሳብ 14 መዓልታት ክፈላለ ይኽእል ከምኡ ውን ብደም ምርጋእን ምሽምቃቕ ጭዋዳታት ናይ ከብድን ዝተዓጀበ ክኸውን ይኽእል።
- ድሕሪ ጥንሲ መጠጥካ ምእላይ ኣብተን ናይ መጀመርያ መዓልታት ደም ምፍሳስ መብዛሕትኡ ግዜ ማእከላይ ወይ ድማ ወላ ሓንቲ ምፍሳስ የለን፣ እንተኾነ ግን ድሕሪ 2ይቲ – 3ይቲ ይውሰኽ።
- ሓደ ሓደ ግዜ ደም ምፍሳስ ክሳብ እታ ትቕጽል ናይ ጽግያት ግዜ ክቕጽል ይኽእል።
- ድሕሪ እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ ዝተተኽለ IUD እንተለኪ፣ እቲ ምረት ዝነውሐ ግዜ ክጸንሕ ይኽእል።

## እንታይ እዩ እቲ ክትገብርዮ ዘለክን ክትገብርዮ ዘይብልክን?

- ኣብት ክሊኒክ ጸረ-ነፍሳት ክወሃበኪ እዩ (2 ከኒና 500 mg ዝዓቐኑ ኣዚትሮሚሲን)። ድሕሪ ምንጻል ጥንሲ ን 10 - 14 መዕልታት ረኽሲ ንምክልኻል፣ እቲ ክወሃበኪ ዝኽእል ምኽሪ ሞዴስ ወይ ንዝፈሰሰ ጽግያት ንምክልኻል ትጥቀምሉ ርሕሚ መሸፈኒ ዘይምጥቃም ፣ ብርሕሚ ዝግበር ጾታዊ ርክብ ዘይምግባር ናብ መሕንበሲ ባስካታት ዘይምኻድ ከምኡ ውን ነብሰኺ ዘይምሕጻብ እዩ።

- ቃንዛ እንተኣጋጢሙኪ፣ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ውሰዲ (500 mg ናፕሮክሰን፣ 400 mg ቡርፎን ወይ 50 mg ዲክሎፈናክ) እዚ ኣድላዪ እንተኾይኑ ብ 1000 mg ፓራሰታሞል ናይ ቃንዛ ከኒና ክትካእ ይኽእል።

## መዓስ ክትረኽብና ከም ዘለኪ?

ኣብቲ ንኽፍተሉ ሰዓታት ነቲ ክሊኒክ ክትረኽብዮ ከም ዘለኪ ንመኽረኪ ወይ ዕጹው ኣብ ዝኾነሉ ሰዓታት ነቲ ሓፈሻዊ ሓኪምኪ/ኣብ ሰራሕ ዘሎ ሓፈሻዊ ሓኪም ክትረኽብዮ ንመኽረኪ እንተደኣ፣

- ን24 ሰዓታት ዝጸንሕ ረሰኒ ጌርልኪ (35.5 ዲግሪ ወይ ልዕሊኡ)።
- ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተየቕሰ ናይ ቃንዛ መድሃኒት ግበረ መልሲ ዘይህብ ዘይገድፍን ከቢድን ቃንዛ ሃላዩኪ።

ቁጽሪ ስልክና 038 4217000 እያ።
ናይ ኢመይል ኣድራሻና ድማ
vragen@stimezo-zwolle.nl እዩ።

## ምክልኻል

ኣብቲ ውሳነ ንምውሳን ምኽሪ ዝወሃበሉ እዋን፣ ሓኪምና ወይ ተሓጋጋዚ ሓኪምና ብዛዕባ ንመጻኢ ክትጥቀምሉ ዘልኪ መከላኸሊ ጥንሲ ምርጫታትኪ ዝምልከት ምሳኺ ክዘራረብ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ካልእ ምንጻል ጥንሲ ንምክልኻል ዝምልከት ብዛዕባ ትኽክል ጸረ ጥንሲ መድሃኒት ኣብ ምምራጽ ምኽሪ ክንህበኪ ኢና። ነቲ ድሕሪ ሕክምናዊ ፍወሳ ዝሰማማዕ IUD ክትገብሪ ይከኣል እዩ።

## ሓፈሻዊ

Stimezo Zwolle ምስ NGvA ጥንሲ ዝንጽሉ ምዝጉባት ሓካይም፣ NVOG ምዝጉባት ናይ ማህጸን ሓካይም፣ NvA ምዝጉባት ክኢላታት ናይ መደንዝዚ ከምኡ'ውን ምስ V&VN ምዝጉባት ጥንሲ ዝንጽላ ተሓጋገዝቲ ሓካይም ይሰርሕ። ኩሎም ሕክምናዊ ፍወሳታት ምስ  ሕጋዊ መትከላትን ተግባራዊ መምርሒታትን ብዝሰማማዕ መገዲ ብሞያውን ውሑስን ኣገባብ ይትግበሩ።

## ሕቡእ ዝሰሙ ምኳን ወይ ስመ-ኢፍልጡነት

እቲ ዝተቐረበ ትምህርታዊ መሳርሕን ሓበሬታን፡ ደቀንስትዮ ብዝተኻእለ መጠን ብንጹርን ብትኽክልን ውሳንአን ንኸዋድዳ ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ። እቲ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ኣብ ህዱእን ጸጥ ዝበለን ሃዋህው ይካየድ። እቶም ኣብ Stimezo Zwolle ዘለዉ ሰራሕተኛታት ብሞያኦም ሓላፍነታውያን፣ ርህሩሃት ከምኡ'ውን ዓሚቕ ፍልጠት ዘለዎም እዮም። ሰረሕተኛታት ናይ Stimezo Zwolle ዘይፈርዱ ወይ ንዝተዘርበ ዘረባ ዘይኩኑን፣ ኩል ግዜ ንደቂ ኣንስትዮ ብዕቱብ ዝሕዙ፣ ምውሳን ማዕረ ክንደይ ከቢድ ይኹን ብዘየገድስ ደቂ ኣንስትዮ ባዕለን ውሳነታት ክገብራ ብምግዳፍ ኣብ ምውሳን ጣልቃ ካብ ምእታው ገዛእ ርእሶም ዝገትኡ እዮም። እቲ ክንክን፣ ምውሳን ከምኡ'ውን ድሕረ ክንክን ኣብታ ጓል ኣንስተይትን ፋሉያት ጸገማታን ዘተኮሩ እዮም። ብዛዕባ ውልቃውነት ወይ ስቱርነት ዝግበር ሓለዋ ውሑስ እዩ።

## ከመይ ጌርኪ ቆጸራ ትሕዚ

ካብ ሰኑይ ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8:15 ቅድሚ ቀትሪ - 4:15 ድሕሪ ቀትሪ ከምኡ ድማ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:15 ቅድሚ ቀትሪ - 12:15 ድሕሪ ቀትሪ ብተሌፎን ብምድዋል ክትረኽባና ትኽእላ ኢኽን። ቑጽሪ ስልክና 038 4217000 እያ። ብተወሳኺ እቲ ናይ መራኸቢ ቅጥዒ (ኣብ www.stimezo-zwolle.nl/contact ዝርከብ) ወይ ኣብቲ መርበብ ሓበሬታ ዘሎ ብዕላል መልእኽቲ መመሓላለፊ (chat) ክትጥቀማ ትኽእላ ኢኽን።

እዚ ኣብዛ መንሹር (brochure) ዘሎ ትሕዝቶ ብሉዑል ጥንቃቐ ዝተዳለወ  እዩ። እንተኾነ ግን፣ ዝተወሰኑ ሓበሬታ ኣብ ሓደ እዋን ዘይቅኑዓት፣ ጎደሎ ወይ ተገባራዊ ዘይኮኑ ክኾኑ ተኽእሎ ኣሎ። እቶም ትሕዝቶታት ናይዛ መንሹር (brochure) ሓበሬታ ንምሃብ ጥራይ ዓሊሞም ዝቐረቡ ኮይኖም ዝኾነ መሰላት ድማ ክረከብ ኣይከኣልን እዩ።

STICHTING STIMEZO ZWOLLE
Zorgt voor vrouwen

Stimezo-Zwolle
Oosterlaan 14
8011 GC Zwolle
The Netherlands

T 038 4217000
vragen@stimezo-zwolle.nl
www.stimezo-zwolle.nl

ዝይዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ www.stimezo-zwolle.nl ጠውቓ